# በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ

# መምርሒ ኣወሃህባ ጥቆማ ስወራ ግብርን ንጠቆምቲ ዝወሃብ መተባብዕን

## ቁፅሪ 9/2006

ጥቅምቲ 2006 ዓ.ም

**መምርሒ ኣወሃህባ ጥቆማ ስወራ ግብርን ንጠቆምቲ ዝወሃብ መተባብዕን ቁፅሪ 9/2006**

ኣብ ክልልና ምስዋርን ምጭብርባርን ግብሪ እናተሓላለኸን እናተበራኸተን ብምምፅኡ ነዚ ንምዕጋት ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣድላይ ብምኳኑ፣

ጭቡጥ መረዳእታ ብምሃብ ምስዋርን ምጭብርባርን ግብሪ ንኽቃላዕ ዝገበረ ሰብ ንምትብባዕ ድሕንነቱ ብዝሓለወ መልክዑ መተባብዒ ክኽፈል ስለ ዝግብኦ፣

እዚ በዓል መዚ ብመሰረት ኣታዊ ግብሪ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 68/95 ዓንቀፅ 2 ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ ናይ ፌዴራል ኣታዊ ግብሪ ኣዋጅ ቁፅሪ 286/94 ዓንቀፅ 84 ንኡስ ዓንቀፅ (3) ዝስዕብ መምርሒ ኣውፂኡ ኣሎ።

**ክፍሊ ሓደ**

**ሓፈሻዊ ድንጋገታት**

**1. ሓፂር ርእሲ**

እዚ መምርሒ "መምርሒ ኣወሃህባ ጥቆማ ስወራ ግብርን ንጠቆምቲ ዝወሃብ መተባብዕን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ 9/2006" ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል።

**2. ትርጉም**

ኣብዚ መምርሒ፦

1. **"መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ"** ማለት መመዝገቢ ጥረ ገንዘብ ወይ መሳርሒ ናቑጣ መሸጣ እዩ።
2. **"ጠቋሚ"** ማለት ብመሰረት እዚ መምርሒ ዓንቀፅ 4 ሓበሬታ ዝሀብ ሰብ እዩ።
3. **"ጭቡጥን ትኽክለኛን ሓበሬታ"** ማለት ምምሕዳራዊ ቅፅዓትን ውሳነ ቤት ፍርድን ከውህብ ዘኽእል መረዳእታ ዝተደገፈ ሓበሬታ እዩ።
4. **"በዓል መዝን ዋና ዳይሬክተርን"** ማለት ብቅደም ስዓብ በዓል መዚ ልምዓት እቶት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ንእኡ ብላዕለዋይነት ዝመርሕ ሰብን እዩ።
5. **"ሓበሬታ ተቐባሊ"** ማለት ብመሰረት እዚ መምርሒ ዓንቀፅ 5 (1) ሓበሬታ ንምቕባል ዝተመደበ ሰብ እዩ።

**3 ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ መምርሒ ኣብ ጥቆማ ዝቕበሉን ዝህቡን ከምኡ እውን ነዚ መምርሒ ዘፈፅሙ ኣካላት ተፈፃሚ ይኸውን።

## ክፍሊ ክልተ

## ኣቀራርባ ሓበሬታን ዝውሃብ መተባብዕን

**4. ሓበሬታ ምቕራብ**

1. ዝኾነ ግብሪ ከፋሊ ግብሪ ዝኸፈለሉ ኣታዊ እንትሓብእ፣ ኣንኢሱ እንተፍልጥ ወይ እንተጭበርብር፣ መሳርሒ መመዝገቢ ሽያጥ ከጥቀም ግቡእ ሃልይዎ እቲ መሳርሒ ዘይተጠቐመ ወይ እቲ መሳርሒ ብኣግባቡ ዘይተጠቐመ፣ ወይ ብኻልእ ብዝኾነ ይኹን ዘይሕጋዊ ተግባር ኣብ ናይ መንግስቲ ኣታዊ እንትስውር ወይ ክስወር እንትገብር ነዚ ተግባር ዝፈልጥ ዝኾነ ሰብ፤ ምስ መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ዝተትሓሓዙ ተግባራት እቲ ተግባር ካብ ዝተፈፀመሉ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ነዚ በዓል መዚ፦
   ሀ. ብኣካል ብምቕራብ፣
   ለ. ስልኪ ብምድዋል፣ ብፖስታ፣ ኢ-ሜይል፣ ፋክስን ካልኦት ተመሳሰልቲ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታት ብምጥቃም ምጥቋም ይኽእል እዩ። ነዚ ድማ መተባብዒ ይኸፈሎ።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) መሰረት ዝውሃብ ሓበሬታ ጭቡጥን ትኽክለኛን መረዳእታ ዘለዎም በዚ በዓል መዚ ዝረጋገፅን ክኾን ይግባእ።
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተደንገገ እንተሃለወ እውን፦
   ሀ. ኣብቲ ግብሪ ዘይምኽፋል ወይ እቲ መሳርሒ ዘይምጥቃም ወይ ብኣግባቡ ዘይምጥቃም ተሳታፊ ዝኾነ፣
   ለ. ሰራሕተኛ እዚ በዓል መዝን ዝኾነ ካሊእ ሸሞኛን፣
   ሐ. ኣብ ፌዴራል ወይ ክልል መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብስራሕ ሓላፍነቶም ብዝረኸብዎ ሓበሬታ ተበጊሶም ዝቐረበ እንትኾን መተባብዒ ኣይኽፈሎምን።

5. ሓበሬታ ተቐባልን ሓላፍነቱን

1. እዚ በዓል መዚ ሓበሬታ ተቐባሊ ሰራሕተኛ ይምድብ። እቲ ሰራሕተኛ ብዝተኻእለ መጠን ናይ ባዕሉ ዝኾነ ስልኪ፣ ናይ እንተርኔት ግልጋሎት ዘለዎ፣ ፋክስን ንመሳርሒ ዘድልይዎ ካልኦት ናውትን ክህልዎ ይግባእ።
2. ሓበሬታ ተቐባሊ ሰራሕተኛ እዞም ዝስዕቡ ሓላፍነት ይህልዎ፦
   ኣብ ንሓበሬታ መቐበሊ ተባሂሉ ዝተዳለወ መዝገብ ወይ ኮምፒተር ስርዓት
   ሀ. ሓበሬታ ዝቐረበሉ መዓልቲ፣ ሰዓትን ተራ ቁፅሪ ጥቆማን፣
   ለ. ናይቲ ጥፍኣት ፈፃሚ ሽም፣ ንግዲ ኣድራሻን ካልኦት ፍሉያት ምልክታትን፣
   ሐ. ዝተፈፀመ ተግባር ብዝርዝርን መረዳእታን፣
   መ. እቲ ዝውሃብ ዘሎ ሐበሬታ ንካልኣይን ልዕሊኡን እንተኾይኑ ተራ መበል ክንደይ ከምዝቐረበ፣
   ረ. ናይቲ ጠቋሚ ፍቓደኝነት ብምሕታት ሽም፣ ኣድራሻ፣ ስልኪ ቁፅርን ገዛ ቁፅርን፣
   ሰ. ናይ ጠቋሚ ግብሪ ከፋልነት መለለዪ ቀፅሪ ወይ ናይ መንነት መለለዪ ቁፅሪ ይምዝግብ፣
   ሸ. እቲ ሓበሬታ ቀዲሙ ዝቐረበ እንተኾይኑ እዚ ነቲ ዝጥቁም ዘሎ ሰብ ምንጋር፣
3. ነቲ ጠቋማይ ከም መረዳእታ ክገልግሎ ናይቲ ሓበሬታ ተቐባሊ ሽም፣ ስራሕ ሓላፍነትን ፊርማን ከምኡ እውን ናይዚ በዓል መዚ ማህተም ዝዓረፎን ተራ ቁፅሪ ጥቆማን ዝሓዘ መለለዪ ካርድ ክህቦ ኣለዎ።
4. ሓበሬታ ተቐባሊ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ (2)ን (3)ን ዝተገለፁ ተግባራት ምሽጥራውነቶም ብዝሓለወ መልክዕ ንሓላፊኡ ኣብ ውሽጢ 30 ደቒቓ ክፍልጥ ኣለዎ።
5. ናይ ጠቋሚ ድሕንነትን ኣብ ሓደጋ ከይወድቕን ናይ ሓበሬታ ብኽነት ከየጋጥምን ናይዚ በዓል መዚ ሓበሬታ ተቐባሊ ብጥቆማ ዝተረኸበ ሓበሬታን ናይ ጠቋሚ መንነትን ንምፍላይ ዝሕግዝ ምሽጥራዊ ኮድ ይውሃብ። እቲ ዝተወሃበ ሓበሬታ ድማ ብጥቡቕ ክሕሎ ይግባእ።

6. **ንጠቃሚ መተባብዒ ዝውሃበሉ ኩነታት**

1. ሓደ ዓይነት ወይ ተመሳሳሊ ዝኾነ ሓበሬታ ዝቐረበ እንተኾይኑ ነቲ ዳሕረዋይ ዝጠቆመ ሰብ ቀዲሙ ዝተጠቆመ ምኽኑ ብምግላፅ ነቲ ቀዳማዋይ ጥራሕ መተባብዒ ይኽፈል።
2. ብሓደ ሻዕ ኮይኖም ሓበሬታ ብኣካል ዘቕረቡ ጠቆምቲ እቲ ዝውሃብ መተባብዒ ማዕረ ይካፈልዎ።
3. ሓደ ሰብ ተመሳሳሊ ጥፍኣት ኣብ ዝተፈላለየ ግዘ ደጋጊሙ ብምፍፃሙ ምኽንያት ዝቐርብ ጥቆማ ንሰለስተ ሰባት መተባብዒ ምስተወሃበ ጥቆማ ዝቐረበሉ ሰብ ተኸሲሱ እስካብ ጥፋእተኛ ዝብሃል ኣብ ተመሳሳሊ ጥፍኣት ብኻሊእ ዝቐርብ ጥቆማ መተባብዒ ኣይኽፈሎን።

6. **መጠን ዝኽፈል መተባብዒ**

1. ኣብዚ መምርሒ ዓንቀፅ 4 መሰረት ጭቡጥን ትኽክለኛን ሓበሬታ ዝሃበ ጠቋሚ ካብ ተሓቢኡ ዝነበረ ዝትኣከበ ፍረ ግብሪ 16% መተባብዒ ይኽፈሎ።
2. እቲ ሓበሬታ በቲ በዓል መዚ ተረጋጊፁ ብዝተፋጠነ ናይ ፍርዲ ከይዲ ዘኽስስን ዘቕፅዕን እንተኾውን፣
   ሀ. መሳርሒ መመዝገቢ ሽያጥ ገዚኡ ዘይተጠቐመ ወይ ኣብ ስራሕ ዘይውዓለ ሰብ ንዝሓበረ 1250 (ሓደ ሽሕን ክልተ ምኢትን ሓምሳን) ብር፣
   ለ. ኣግባብ ብዘይኮነ መንገዲ መሳርሒ መመዝገቢ መሸጣ ዝተጠቐመ ማለት እውን ኢ.ድ ብኢ.ድ መሸጣ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ቅብሊት፣ ወይ እቲ መሳርሒ ኣብ ስራሕ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ሕጋዊ ቅብሊት ዝተጠቐመ ወይ ቅብሊታት ደጋጊሙ ምጥቃሙ ዝምልከት ሓበሬታ ዝሃበ 2500 (ክልተ ሽሕን ሓሙሽተ ምኢትን) ብር፣
   ሐ. ናይቲ መሳርሒ መመዝገቢ ሽያጥ መዐሸጊ ዝፈተሐ፣ ዘፍትሐ ወይ ንኽፈትሕ፣ ንኽፍትሕ ዝሞከረ ዝሓበረ 5000 (ሓሙሽተ ሽሕ) ብር፣
   መ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ካብ ሀ-ሐ ዘለዉ ተግባራት ብሓደ ሻዕ ዝሓበረ ኣብ ሕድሕዶም ዝተሓበረ መጠን ተደሚሩ ይኽፈሎ፣

3. ሓደ ሰብ ብተደጋጋሚ ነዚ በዓል መዚ ጥቆማ ዘቕርብ እንተኾይኑ ኣብዚ ዓንቀፅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ኣብ ዝኽፈሎ ብተወሳኺ ናይቲ ዝኽፈሎ 16%፦

ሀ. ንካልኣይ ግዘ ዝጠቆመ 5%፣

ለ. ንሳልሳይ ግዘ ዝጠቆመ 7%፣

ሐ. ካብ ሰለስተ ግዘ ንላዕሊ ዝጠቆመ 10% ተወሲኹ ይኽፈሎ።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

### 8. ንመተባብዒ ዝኾን ገንዘብ

1. ንጠቋሚ ብመሰረት እዚ መምርሒ ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ (2) ዝኽፈል መተባብዒ ካብ ዝኽፈል ምምሕዳራዊ መቕፃዕቲ ይሽፈን።
2. ንጠቋሚ ብመሰረት እዚ መምርሒ ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ (1)ን (3)ን ካብቲ ዝእከብ እንትእከብ ሽዑ ንሽዑ ይኽፈል።

### 9. ተሓታትነት

1. ሓበሬታ ተቐባሊ ይኹን ካልእ ሰራሕተኛ ብመሰረት እዚ መምርሒ ተግባራቱ ብኣግባቡ እንተዘይተዋፂኡ ብጉድለት ስነ -ምግባር ተሓታቲ እዩ።
2. ዝኾነ ጠቋሚ ሓቂ ዘይኮነ ኣጭበርቢሩ ዝጠቆመ ብገበን ሕጊ ሃገርና ተሓታቲ ይኸውን።

### 10. መሸጋገሪ ድንጋገ

ማናጅመንት ኮምቴ እዚ በዓል መዚ እዚ መምርሒ ቅድሚ ምውፅኡ ጥቆማ ንዘቕረበ ሰብ መተባብዒ ክኽፈሎ ክውስን ይኽእል።

### 11. እዚ መምርሒ ዝፀንዐሉ እዋን

እዚ መምርሒ ካብ ዕለት 1 ጥቅምቲ 2006 ዓ.ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን።

ብርሃነ ፅጋብ

ዋና ዳይሬክተር በዓል መዚ ልምዓት እቶት